Kanton Zürich
Direktion der Justiz und des Innern
Fachstelle Integration

**30. ሚያዝያ 2020**

# FI-Bulletin

## ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህቡ ትካላትን ናይ ሓበሬታ መስመር ተሌፎንን

ዝኽበርኩምን ዝኽበርክንን

ትካላት ኣገልግሎት ወሃብቲ ምኽሪ ኣብ ካንቶን ዙሪክ እንኮላይ ኣብዚ እዋን ቁሉውላው ኮሮናቫይረስ ብተሌፎን ንዓኻትኩም ኣገልግሎተን ንኽህባ ማዕጾአን ርሑው ኢዩ። ቀጺሉ ናይተን ኣብ ካንቶን ዙሪክ ዝርከባ ዝተፈላለያ ትካላት ኣገልግሎት ወሃብቲ ምኽሪ ሕጽር ዝበለ ሓበሬታ ዝህብኦ ኣገልግሎትን ዝህባሉ ቋንቋን ትረኽቡ።

## ንስደተኛታት ዝምልከት ኣገልግሎት ምኽሪ:-

→ **ኢንፎዶና (Infodona): 044 412 84 00**
ሓበሬታን ብዛዕባ ለበዳ ኮሮናን ክንገብሮ ዝግብኣና ጥንቃቐን፡ ምንባር ኣብ ዙሪክ፡ ሓዳርን ስድራቤትን ፡ ሕጊ/መሰል፡ ፊይናንስ፡ ስራሕን፡ ጥዕናን

ወሃቢ ኣገልግሎት ስደትን ስደተኛታትን ከተማ ዙሪክ ብዙይ ክፍሊት ብ 16 ቋንቋታት ኣገልግሎት ይህብ።

ብጀርመን ፡ኣልባኒሽ፡ ዓረብ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ጣልያን፡ ክሮኣቲሽ፡ ፖርቱጋል፡ ሰርብሽ፡ ስጳኛ፡ ታሚል፡ ስሎቫክያ፡ ቱርኪ፡ ራሻ፡ ኩርድሽ (ሶራኒ)፡ ቱርክመንሽ፡ (ዒራቕ)። ኢንፎዶና ኣብዚ ዝስዕብ ኣርእስትታት ኣገልግሎት ይህብ:-.

→ **ምኽሪ ንስደተኛታት ከተማ ቪንተርቱር: ተሌፎን 052 267 36 93**
እዞም ብቋንቋ ኣደ ዝውሃቡ ምኽርታት ንስደተኛታት ዝምልከት ኣብ ስደትን ውህሃድን ኣርእስቲ ዝተሞርኮሰ ሓበሬታን ብዛዕባ ብሰንኪ ኮሮናቫይረስ ዝተወሰዱ ስጉምትታትን ኣፍልጦ ይህቡ። እዚ ኣገልግሎት ንተቐማጦ ከተማ ቪንተርቱርን ከባቢን ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ይውሃብ:-

ኣልባኒሽ፡ ዓረብ፡ ኣምሓርኛ፡ ቡልጋርያ፡ ቦስንያ፡ እንግሊዝኛ፡ ጥልያን፡ ኩርድሽ፡ ስጳኛ፡ ፖርቱጋል፡ ሰርብሽ፡ ክሮኣስያ፡ ማጸዶንያ፡ ትግርኛ፡ ቱርኪ።

→ **ትካል ምውህሓድ ከተማ ዙሪክ: 044 412 37 37**
እዚ ትካል ንሕቶታት ስደትን ምውህሃድ ምስ ሕብረተሱብን ዝምልከት ብቋንቋ ጀርመን እንግሊዝኛ ፈረንሳይኛ ግሪኽ ጣልያን ፖርቱጋልን ስጳኛን ብዙይ ክፍሊት ምኽሪ ይህብ።

እዚ ኣልግሎት ንነበርቲ ከተማ ዙሪክ ይምልከት።

→ **ማርሳህ MIRSAH: 044 291 00 15**
እዚ ኣካል ምኽሪ ንሕቶታት ብዛዕባ ሕጊ ሰደት/ወጻእተኛን ምውህሃድን ዝምልከት (ነአብንት መንበሪ ፍቓድ፡ ምጥርናፍ ስድራቤት፡ ፍቓድ ስራሕ፡ ቪዛ፡ ዜግነት ምውሳድ፡ ወዘተ) ሓበሬታ ይህብ። ክኢላታት ሞያውያን ሰብ ሕጊ (ሕጊ ዝተመረቑ) ንናይ ወጻእተኛ ሕጊ ዝምልከት ሕጋዊ ምኽሪ ኣገልግሎት የበርክቱ። ዋጋ ኣገልግሎት 50 ፍራንክ ንሰዓት እዩ። ኣገልግሎት ምኽሪ በዘን ዝሰዕባ ቋንቋታት ይርከብ:- ብጀርመን፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ኩርዲሽ፡ ስጳኛ፡ ቱርኪ።

→ **ዙራስ ZüRAS: 044 415 62 26**
ቤትጽሕፈት መኽርቲ ኣድልዎ (ራሲዝም) ZüRAS ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ጎረባብቲ ወይ ኣብ ዕረፍቲ ግዜ ብሰንኪ ዓሌቶም ሕብሪ ቆርበቶም ወይ ሃይማኖቶም ኣድልዎ ንዘጓነፎም ሰባት ናይ ምኽሪ ኣግልግሎት ይህብ። እቲ ምኽሪ ንነበርቲ ካንቶን ዙሪክ ኮይኑ ብዘይ ክፍሊት እዩ። ኣገልግሎት ብ9 ቋንቋታት ይውሃብ። ኣድላይ ተኾይ ካልኦት ብዙሀ-ቃንቋ ምርኣይ ይኽእሉ .

→ **ስፓዝ SPAZ: 043 960 87 77**
እዚ ትካል ሕጋዊ ናይ መንበሪ ወረቐት ንዘይብሎም ሰባት ኣብ ዙሪክ ኣብ ማሕበራውን ጉዳይ መሰልን ሕቶታትን ብዘይክፍሊት ብቋንቋ ጀርመን ኢንግሊዝኛ ፈረንሳይኛን ስጳኛን ይህብ።

## ሓፈሻዊ ምኽርታት

→ **ምኽሪ ህጹጽ ሓገዝ (SOS-Beratung SRK): 044 360 28 53**
ተሞክሮ ዘለዎም ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ወለንታውያን ሰራሕተኛታትን ኣብ ከቢድ ኩነታት ንዝርከቡ ህጹጽ ሓገዝ ንዘድልዮም ሰባት ምኽሪ ይህቡ። እዚ ዓሌቶም ወይ መንበሪ ፍቓዶም ብዘየገድስ። እዚ ኣገልግሎት ኣብ ካንቶን ዙሪክ ንዝነብሩ ሰባት ይምልከት።

ኣገልሎት ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ይውሃብ:- ጀርመን፡ ፈረንሳይኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ጥልያን፡ ስጳኛ።

→ **ንማሕበራዊ ኣርእስታትን ንዕዳን ዝምልከት ምኽርታት ካሪታስ (Caritas Sozial- und Schuldenberatung): 044 366 68 28**
ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ናይ ካሪታስ ዙሪክ ኣብ ካንቶን ዙርክ ንዝቕመጡ፡ ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም ወይ ስኡናት ዝኾኑ ከምኡውን ዕዳ ንዘለዎም ሰባት ኣገልግሎት ናይ ምኽሪ ይህቡ::

እዚ ኣገልግሎት ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ ጀርመን ብቋንቋ ይውሃብ::

## ንቅሉውላይ ናይ ኮሮና ዝምልከት ምኽርታት:-

→ **ናይ አኦዜድ ናይ ሓበሬታ መስመር ተሌፎን ንስደተኛታት (AOZ-Hotline):-**
ናይዚ ትካል አገልግሎት መኽርቲ: ብቋንቋ አደ ጌሮም ብዛዕባ እዋናዊ ብምኽንያት ኮሮናቫይረስ ዝውሰዱ ዘለዉ ማሕበራዊ ስጉምትታት ብ11 ቋንቋታት ሓበሬታ ይህቡ:-: ዓረብ: ባዲኒ: ዳሪ: ፋርሲ: ኡርዱ: እንግልዝኛ: ፈረንሳይኛ: ኩርማንቺ: ቱርኪ: ታሚል: ትግርኛ። እዚ አገልግሎት ንስደተኛታት አብ ካንቶን ዙሪክ ብዘይ ክፍሊት እዩ።

→ **ናይ ሄክስ ናይ ሓገዝ ተሌፎን (HEKS): 044 360 88 55**
ተሞክሮ ዘለዎም ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ብሰንኪ ቅልውላው ኮሮና መዓልታዊ ናብርኦም በዲህዎም ንዘለዉ ሰባት ብተሌፎን ምኽሪ ይህቡ። አገልግሎት ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ አብ ካንቶን ዙርክ ንዝነብሩ ሰባት ይምልከት። አብዚ እዋን እቲ አገልግሎት ብጀርመን ጥራይ እዩ ዝውሃብ። ኣብዚ ዝስዕብ ተለፎን ብምድዋል **0800 266 785** መልሲ ብ 10 ቋንቃታት ክርከብ ይከኣል፣

አልባንያ: ዓርብ: ቦስንያ: ክሮኤሽያ: ሰርብያ: ኢንግሊሽ: ፈረንሳ: ጥልያን: ፖርቱጋል: ስፐይን: ታሚል: ትግንኛን ቱርክን::

→ **አሰነይቲ አብ እዋን ኮሮና COACHING CORONA:**
ሞያውያን አሰነይቲ: መንነኛታትን ስነ አእምሮ ክኢላታትን እዚ እዋናዊ ኩነታት በዲህዎም ንዘለዉ ዝርርብ ንዝደልዩ ሰባት ምኽሪ ይህቡ። ንዝምልከቶም ሰባት: ንቤተሰቦም: ንሰራሕተኛታት ሕክምና ከምኡውን ስድራቤታትን አግልግሎቱ የበርክት። እዚ ናይ ተሌፎን አግልግሎት ብጀርመን ፈረንሳይኛን እንግልዝኛን ይውሃብ። ክሳብ መወዳእታ ሰነ 2020 ብዘይ ክፍሊት እዩ።

## ንጥዕና ዝምልከት አገልግሎት ምኽርታት

→ **ናይ ሓኻይም ተሌፎን (Ärztefon): 0800 33 66 55**
24 ሰዓት ንኮሮናቫይረስ ዝምልከት ናይ ህጹጽ ቁጽሪ ተሌፎን

→ **መዲትሪና MEDITRINA: 044 360 28 72**
እዚ ትካል አብ ስዊዘርላንድ ሕጋዊ ናይ መንበሪ ወረቐትን መድሕን ናይ ጥዕና ንዘይብሎም ሰባት ሕክምናዊ ምኽሪ ይህብ። አገልግሎት ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ይውሃብ:- ብጀርመን: እንግሊዝኛ: ፈረንሳይኛ: ጣልያን: ፖርቱጋል: ስጳኛ። መርመራን ሕክምናን አብ ደጋዊ አካል ክፍሊት አለዎ።

## መስመር ተሌፎናት

→ **መስመር ተሌፎን ናይ ኮሮናቫይረስ (Coronavirus-Hotline): 0800 044 117**
መስመር ሓበሬታ ናይ ካንቶን ዙሪክ ንለበዳ ኮሮና ንዝምልከት ሕቶታት። መዓልታዊ ካብ ሰዓት 7 ክሳብ ሰዓት 23።

→ **መስመር ሓበሬታ ኮሮናቫይረስ (Infoline Coronavirus): 058 463 00 00**
ንለበዳ ዝምልከት ናይ 24 ሰዓት መስመር ሓበሬታ ናይ ሚንስትሪ ጥዐና ስዊዘርላንድ። ብዘይ ሕክምናዊ ምኽሪ።

እቶም መጽሄታት አብ ወብሳይት ናይ ትካል ምውህሃድ ካንቶን ዙሪክ (Kantonale Fachstelle Integration) ይርከቡ